# ንኣፍሪቃውያን ደቂንስትዮ ክሊኒክ

the women's
the royal women's hospital
victoria australia

## ኣብዚ ክሊኒክ መን እዩ ዝመጽእ ?

እዚ ክሊኒክ ብልዕቲ ደቂንስትዮ ዝተገረዛ (ብባህላዊ ዝተቖረጸ) እሞ ኣብ ኩሉ ዕድመ ንዘለዋ ደቂንስትዮ፤ መንሰያት፤ ጥንስቲ ወይኻዓ ብዕድመ እርግ ንዝበላ ኣንስትዮ ከምዝኾነ እሞ ብዛዕባ ዘለዎን ምክንኻብ ከምኡ' ውን/ወይኻዓ ነዞይ ምልዋጥ እንተደሊየን ንምዝርራብ ይኸውን።

እዚ ኣሰራርሓ ዝፍለጥ **ንዝተታሓዘ ናይ ኣንስታይ ብልዕቲ ምፍልላይ/ deinfibulation** ብዝብል ከምዝኾነ ነዚ'ውን **reversal** ንብሎ ምክንያቱ ደቂንስትዮ በዙይ ሽም ክጽዋእ ዝለዝደለያ እዩ።።

ጥንስቲ እንተኾይንኪ ዝቐያየር ንምግባር ትኽእላ የግዳስ ናትኽን ጥንሲ ድሕሪ 34 ሰሙናት ክግበር ኣለዎ።

**በዙይክሊኒክ ውሽጢ ካልእ ዓይነት ምንም መጥባሕቲ ሥራሕቲ ኣይንገብርን።**

እቲ ክሊኒክ በብክልተ ሰሙናት ዓርብ ንጉሆ ይኽፈት እዩ።

## ብሽመይ ሓልየት ከምዝገብረልክን

ናይ ኣፍሪቃውያን ደቂንስትዮ ክሊኒክ ብነርሲ ዝመሓዳደር ክሊኒክ ከምዝኾነ እሞ ናይ ምክንኻብ ብባህላዊ ምቁራጽ ንዘጋጠመን ደቂንስትዮ ምክንኻን ንምድላው ልምዲ ተመኩሮ ብዘለዎን ሓለዋ ጥዕና ነርሲታትን መሕረሲት ሥራሕተኛታት ዝተመልአ እዩ። ብዛዕባ ናትኽን ጥዕናን ምክንኻብ ዝምልከት ናይ ክሊኒክ ነርሲ/መሕረሲት ተዘራርበክን እያ። ከምኡ'ውን ብዛዕባ ከይዲ ኣሠራርሓ፤ ድሕሪ ኵነታ ምፍጻም ዚመጽእ ለውጢን ብዛዕባ ናትኽን ምጥዓይ ዚምልከት ተዘራርበኽን እያ።

ከምኡ'ውን ክትዛረባ ዝደሊኽዮ ብካልእ ናይ ጥዕና ጉዳይ መረዳእታን ሓገዝ በታ ናይ ክሊኒክ ነርሲ/መሕረሲት ክተዳልው ትኽእል።

ኣብዝነብረኽን ቆፀሮታት ንምሕጋዝ ናይ ስድራቤትን ምውላድ መሰላት ትምህርቲ ፕሮግራም (FARREP) ሠራተሕኛ ይዳለው እዩ።

ናይ መዲካር ካርዲ/Medicare card እንተሃልዩኽን እቲ ኣገልግሎት ብዘይክፍሊት ብናጻ እዩ። ናይ መዲካር ካርዲ እንተዘይሃልዩኺ በጃኽን ንFARREP ሠራተሕኛ ኣዘራርባ። ብስልኪ (03) 8345 3058 ጌርኽን ክትድውላለን ትኽእላ።

## ቆፀሮ ምድላው

ናብዚ ክሊኒክ ንምምጻእ ብናትኽን ሓፈሻዊ ሓኪም/(GP) ኣቢሉ ክትልኣኻ ኣየድሊን እዩ። ቆፀሮ ንምድላው በጃኽን ብስልኪ (03) 8345 3037 ወይኻዓ 1800 442 007 (ኣብ ሃገረሰብ ኾይኑ ደዋሊ) ጌርኽን ደውላ።

**ቆፀሮ ንምድላው** ሓገዝ እንተደልኽን ብስልኪ (03) 8345 3058 ጌርኽን ን FARREP ኣዘራርባ።

ናትኽን ሓፈሻዊ ሓኪም/GP ናይ መላእኺ ወረቐቲ ብፋክሲ (03) 8345 3036 ጌሩ ምልኣኽ ይኽኣል።

Interpreter

ኣብዝነብረኽን ቆጸሮ ኣስተርጓማይ እንተደልኽን በጃኽን ሓብሩና።

ሰለስተ ቆፀሮታት ይነብረኽን፤

- ቀዳማይ ቆፀሮ – ንኣኽን ብምዝርራብ ብዛዕባ ዘለኽን ሓለዋ ጥዕና ታሪኽ ነጻርይ።
- ካልኣይ ቆፀሮ– ናይ ምቕያር ከይዲ ኣሰራርሓ ንገብር
- ሳልሳይ ቆፀሮ – ዝተቐየሮ ኣካል ብግቡ እንዳጠዓየ ከምዝኾነ፤ እንታይ ይስመኣኽን ከምዘሎ ንፍትሽ።

ብሓደሓደ ጉዳያት እቲ ናይ ምቕያር ከይዲ ኣሰራርሓ ኣብ ቀዳማይ ቆፀሮ ክግበር ይኽእል።

## ኣብቲ ቆፀሮ እንታይ ይግበር?

ናይ ክሊኒክ ነርሲ/መሕረሲት:

- እንታይ ዓይነት ምቕያር ከምዘድልየኽን ንምፍላጥ ነቲ ዘለኽን ምክንኻብ/ግርዛት ትርእዮ።
- ክነብረኽን ዝኽእል ዝኾነ ጉዳይ ጥዕና ተዘራርበኽን
- ክቐየረልኽን ትደልያን እንተወሲንኽን በቶም ስእሊታት ብምጥቃም መረዳእታ ክንህበኽን ንኽእል፤ እንተደሊኽን ብሽመይ ከምዝኻየድ ክንሕብረኽን ንኽእል።
- ድሕሪ ከይዲ ምቕያር ሥራሕ ከምኡ'ውን ድሕሪ ምሕዋይ ኣብ ሰብነትኽን ክነብር ስለዝኽእል ለውጢ ንሕብር
- ካልእ ናይ ጥዕና ጸገም እንተሃልዩኽን ብዛዕባ ካልእ ኣገልግሎታትን ብሽመይ ክትረኽባ ከምትኽእላ ክንሕብር ንኽእል
- ብሽመይ ከምዘሎ ንምፍላጥ ከይዲ ኣሰራርሓ ኣብተኻየደሉ ድሕሪ ኣርባዕተ ሰሙናት ትርኣያ።

ናይ FARREP ሠራሕተኛ:

- በናይ ኣንስትዮ ምክንሻብ ዚካየደሉ ባህሊታት ኣብዝኾነ ግዘ ንዝመጻ ደቂንስትዮ ኹሉ ሃገዝ ይግበረለን
- ናብ ቆፀሮ ክትኸዳ ብምሕጋዝን ምስ ነርሲ ብዝነብረኽን ቆፀሮ ግዘ ሓቢርኽን ምጽናሕ
- ተግባራዊ ብዝኾኑ ነገራት ማለት ከም መጓዓዚያ/ትራንስፖርቲ ሓገዝ እዚ'ውን ናብ ኣስበዳለ ንምኻድን ንምምጻእ፣ ሓልየት፣ ኣስተርጓማይን ንካልእ ኣገልግሎታት ምሕጋዝ
- ኣብ ኣስበዳለን ማሕበረሰብ ውሽጢ ስለዘሎ ጠቓሚ ኣገልግሎታት ከምኡ'ውን ብኸመይ ክተዘራርባ ከምዝኻኣል ሓበሬታ ምሃብ
- ኣብ ቪክቶሪያ ውሽጢ ብዛዕባ ምክንሻብ ዘሎ ሕጊ ምሃብ
- ንኣኽን ንዓልኽን ብዛዕባ ሓለዋ ጥዕና መረዳእታ ምሃብ ይኸውን።

## ንክተዘራርባ ዝርዝር ኣድራሻ

**ናይ FARREP ሠራተሕተኛታት ዝርኽባሉ ግዘ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ፣ ካብ ንጉሆ ሰዓትንጉሆ ሰዓት 9am ክሳብ ድሕሪ ቐትሪ ድሕሪ ቐትሪ 5pm**

ተለፎን: (03) 8345 3058

ኢሜል: farrep.program@thewomens.org.au

ፋክሲ: (03) 8345 3053

**ወይኻዓ ብኸባቢኽን ዘሎ ናይ ማሕበረሰብ ሓለዋ ጥዕና ማእከል ንዘላ ናይ FARREP ሠራተሕኛ ኣዘራርባ።**

ንዝበለጸ መረዳእታ ብናትና ዌብሳይቲ/ ዌብሳይቲ ምድላይ:

www.thewomens.org.au/healthinformation

**ኣይናተይን ምባል:** እዚ ሓቃዊ ጽሑፍ ወረቐቲ ንሓፈሻዊ መረዳእታ ተባሂሉ ዝተዳእወ ጥራይ። ብዛዕባ ናትኽን ድሌት ሓለዋ ጥዕና ፍልይ ዝበለ ምኽሪ ንምርካብ ካብ ናትኽን ናይ ጥዕና ሞያተኛ ምኽሪ የድልየኽን። በዚ ሓቓዊ ጽሑፍ ወረቐቲ ተበጊስካ ንዝመጽእ ዝኾነ ጥፍዓት ወይኻዓ ንዝፍጠር ጉድዓት ብሮያል ደቂንስትዮ ኣስበዳለ ተቐባልነት የብሉን። ቐልጢፍካ ሕክምና ክግበረልኽን እንተደሊኽን፣ በጃኽን ብኸባቢ ንዘሎ ናይ ህጹጽ ሕክምና ክፍሊ ኣዘራርባ። © ናይ ሮያል ደቂንስትዮ ኣስበዳለ 2016-2018